# ክብረ ብዓል መድኃኔ ዓለም

**ንባባት፡** *ዕብራውያን* 12፡2-18፤ 1ጴጥ 3፡15-20፥ ግ.ሓ. 10፡ 10፡30-40፥ማር 15፡21-39።

**ምስባክ፡** እግዚአብሔርሰ ንጉሥ ውእቱ እምቅድመ ዓለም፥ ወገብረ መድኃኒት በማዕከለ ምድር፥ አንተ አጽናዕካ ለባሕር ብኃይልከ። እግዚአብሔር ካብ ጥንቲ ንጉሥ እዩ፥አብ ማእከል ምድሪ መድኃኒ ገበርካ፤ ንስኻ ንባሕሪ ብኃይልኻ አጽናዕካ (መዝ. 74፡12-13)።

በዚ ብሩኽ ዕለት ዓመታዊ ዝኽረ ብዓል መድኃኔ ዓለም ዘኪርና አሎና። ነቲ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ንድሕነት ኩልና ኢሉ አብ መስቀል ዝኸፈሎ ዘኪርና ነብዕል አሎና። ተዘክሮና ነቲ ቅድሚ 2000 ዓመት አብ ቀራንዮ ምእንታና ዝሓመመ ዝተሰቕለ ዝሞተ ዝተንሥአ ክርስቶስ ኢና ዘኪርና ዘሎና። እዚ ዝኺሪ ደቂ ሰብ ዘንጋዕቲ ጠለምቲ ስለ ዝኾና ነቲ ዝዓበየ ዕለት ፍቕሪ አምላኽን ድሕነትና ዝተፈጸመሉ ክንዝክር እሞ አብ አምላኽ ምእንቲ ክንምለስ እዩ።

ሰብ ክዝክር እንተ ኸአለ አብ ልቡ ክምለስ ወይ እውን ነቲ ዝተገብረሉ ሰናይ ክዝክር እነተ ኸአለ ካብ ዘለዎ ናብቲ ሓቀኛ ርክብ ክምለስ ስለ ዝሕግዞ ምዝካር ጽቡቕ እዩ። ጸገም ዝበዝሕ ነቲ ዝተገብረልካ ወይ ነቲ ሰናይ አብ ሕይወት ዝርአናዮ ዘይምዝካር አብ ጽልእን ፍልልይን አብጺሕና እንርእዮ ዘሎና እዩ። ክንደይ ሰናይ ዝተገብረሎም ንዝተገብረሎም ስአን ምዝካር ከምዘይተገብረሎም ኮይኖም ክኸዱ ክትርኢ ከሎኻ ከቢድ እዩ። በዚ ዘመን ዘምጽኦ ጸገም ካብ ሞትን ስቓይን ክወጽኡ ኢልካ ብዝገበርካዮ ገንዘብን ሞራላውን ሓገዝ ተጠሊሞም አብ ጽልእን ቅርሕንትን ዝነብሩ ክንደይ እዮም። ሰብ ጠላም ኮይኑ ዓስቡ ንርእዮ አሎና አብ ኩሉ ሕይወትናን ርክባትናን።

ናይ ሎሚ ብዓል ነቲ ፈጣሪ ንሓደ ወዱ ምእንታና በጀ ዘሕለፎ ዘኪርና አብ አምላኽ ክንምለስ ክንሳሕ ምስ አምላኽን ሰብ ክንዕረቕ፥ ካብቲ ዘንጊዕናዮ ዘሎና ተመሊስና አምላኽና ክነመስግን ምስ ሓውናን ሓፍትናን ፍቕርን ሰላምን ክነንግስ ዘዘኻክር ዕለት ኢና ዘሎና።

ሓደ ካብቲ ቀንዲ ክንምልሶ ዘሎና ከመሎና? ምስ ሓውናን ሓፍትናን ልዕሊ ኹሉ ምስ አምላኽና ከመሎና? ጉዕዞ ክርስትያናዊ ሕይወትና ከመሎና። ብዙሓት አብ ትማሊ ዝነብሩ አለዉ፥ አብ ተለካ በለካ ለኽዓክን ወረን ዓጀውጀውን አብ ዝበዝሖ ሕይወት ኢና ዘሎና። ብዓልና ነዝን ካልእን ሓቀኛ መልሲ ክንህብ ምእንቲ እዩ።

ምስባክ ካብ መዝ. 74 መሰረት ገርና እግዚአብሔርሰ ንጉሥ ውእቱ. . . እግዚአብሔር ንጉሥ እዩ እናበልና ጸሊና። እግዚአብሔር እቲ እንኮ ንጉሥና እዩ ካልእ ንጉሥ የብልናን፥ ንሱ ናትና ንሕና ናቱ ኢና ብዘይካኡ ካልእ የብልናን። ንአምላኽ ካብ ንጉሥና ምጃን ክትክእ ዝግባእ ዝኾነ ካልእ ክህሉ አይግባእን። ካልእ ንጉሥ እንተ ገበርና ጸገም ፈጢርና አሎና ማለት እዩ። ቀዳሞት ወለድና ጻላኢ ተዓዊትሎም ካብ

ኣምላኽ ዝፈለዮም ንጉሦም ዝኾነ እግዚኣብሔር ሓዲጎም ባዕሎም ነጋውስ ክኾኑ ስለ ዝተመኽሩ ኣብ መንጎኦም መንጎ እቲ ብሂጉ ዝፈጠሮም ኣምላኽ ዓቢ ፍልልይ ፈጢሮም፥ እዚ ሞት እዩ ንፍጡር ኣምላኽ።

ሰብ ንኣምላኽ ሓዲጉ ባዕሉ ንጉሥ ክኸውን እንተ ሓሲቡ ንመገዲ ጥፍኣትን ሞትን ተተሓሒዝዎ ኣሎ። ኣልቦ እግዚኣብሔር ኣብ ዝብል ኣትዩ ምዕብድባድ እዩ ዕጭኡ። ይጠፍእ ጸልማት ተጎልቢቡ ንኹሉ ክፉእ ይመርጽ። እዚ ኣብዚ እዋና እውን እንርእዮ ዘሎና እዩ። ሎሚ እውን ሰብ መገዲ ኣምላኽ ሓዲጉ ናቱ መገዲ ፈጢሩ ብዘይ ኣምላኽ ይነብር ኣሎ። ምስ ኣምላኽ ክኸውን ዝተፈጠረ ሰብ ብዘይ ኣምላኽ ሕልና ኣልቦ ኮይኑ ዓለሙ ይመርሕ ኣሎ እዚ ኸአ ኣብ ውግእ ጥልመት ሞት ምኽሕሓድ ኣብጺሕዎ ርእዩለይ ዘየድልዮ ጉዳይ ኮይኑ የሳቕየና ኣሎ።

እቲ ግጥም ኮይኑ ዘሎ ኣብ መንጎ ነገራት ኣምላኽን ሰብን እዩ። ሰብ ኣልቦ ኣምላኽ ዝኾነ ሕይወት መሪጹ ዘዝገደደ ይገብር ኣሎ። መንፈስ ቃኤል ወሪስዎ ሞት ሓዉን ሓፍቱን ዘሓጉሶ ፍጡር እዩ ኮይኑ ዘሎ። ሕግን መገድን ኣምላኽ ድንቁርና ተሓሲቡ ገለ ኸአ ንሕጊ ኣምላኽ በቲ ንሶም ዝፈልጥዎን ዝደልይዎን መገዲ እናኸዱ ካብ ኣምላኽ ዘርሕቕ የዕብይዎ ንርኢ ኣሎና። ኣምላኽ ካብ እምነትና፥ ካብ ባህልና ካብ ኩሉ ከውጽእዎ ዝጽዕሩ ውሑዳት ኣይ ኮኑን። ነታ ገፋሕ መገዲ እናኣግፍሕዋ ንብዙሓት ደቂ መዝሙሮም እናገበሩ ናይ ጥፍኣት ኀይላ ክዕለል ኣብ ቅድመና ንርእዮ ኣሎና። ንኣምላኽ ዝዝክር ከም ድሕሩን ኣፍልጦ ዘወሓዶ ተቖጺሩ ኀይላ ጥፍኣት ኣብ ኩሉ ብዕሊ ክእወጅ ንርኢ ኣሎና።

እንታይ ንግበር? ኣብ ኣምላኽ ንመለስ። ብዓልና ቀንዲ መልእኽቱ ነቲ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ ምእንታና ዝሞተ ዘኪርና ኣብኡ ክንምለስ እዩ። ኣብ ኣምላኽ ኣብ ተግባራዊ እምነትኩም ተመለሱ ኢልና ንምዕደኩም ኣሎና። ቀለዓለም ዝመልኦ ክርስትና የብቅዕ።

እግዚኣብሔር ንጉሥና እዩ ክንብል ከሎና ኩሉ ናትና ዘበለ ናቱ እዩ፥ ንሱ ዝሃበና በቲ ንሱ ዝደልዮ ሕይወትናን ሕይወት ኣሕዋትናን ክንመርሕ ምእንቲ እዩ። ምድራውያን ነጋውሥ መለኽቲ ጨኮንቲ ኣነ ጥራሕ ይጥዓመኒ እምበር ካልኦትስ ኣገልገልተይ እዮም ዝብሉ እዮም። እቶም ግዙኣቶም ኸገልግልዎም ከም ዝተፈጥሩ ገሮም እዮም ዝሓስቡ እዚ ካብቲ ብዘይ ኣምላኽ ምንባር ዝፈልዮ የብሉን።

እግዚኣብሔር ንጉሥና እዩ፥ ፈጣሪና፥ ኣምላኽና ብዘይብኡ ሕይወት ዘይብልና ክፍሊ ሕይወቱ ገሩ ዘፍቀረና ኣብ መጨረሻ ብሓደ ወዱ ዝተዓርቀና ኣምላኽና ማለት እዩ። ንጉሥ ዝብል ሓቀኛ ትርጉሙ ንእግዚኣብሔር ጥራሕ እዩ ዝምልከት።

ሓደ ካብቲ ኣጥቢቕና ክንሓቶ ዝግብኣና ሎሚ ኣብ ሕይወተይ፥ ኣብ ሕይወት ሥድራይ፥ ቍምስናይ፥ ሃገርይ መን እዩ ንጉሥና ኮይኑ ዘሎ። ነፍሲ ወከፍና ኣብ ቅድሚ መድኃኔ ዓለም ቀሪብና መልስና ንሃብ። ሎሚ ዓመታዊ መልስና እንህበሉ ዕለት እዩ። ኩልና ከም እንምስክሮ ኣብ ዓለም ብዙሓት ነጋውስ ኣለዉ መሊኾም ከምዘይንቀሳቐስ ናቶም ግዙኣት ገሮምና ከም እንስሳ ከም እንነብር ዝገብሩና። ሃብቲ ዓለም፥ ናይ ፖሎቲካ መራሕትና፥ ኣብ እምነት ከይተረፈ መሊኾም ንእኦም ከም እነምልኽ ዝገብሩና፥ ከምኡ ባዕልና እንፈጥሮ ኣንነት፥ ትዕቢት፥ ኵሉ ርኹስ ነገራት ይገዝኡና እሞ ናጽነትና ይገፉ። ካብዚኦም ነጻ ክንወጽእ እዩ ዕድመና ሎሚ።

መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ብሞቱ ሓራ ገሩ ምስ ሰማያዊ አቦና ዓሪቒና ደቂ ሰማይ ገሩና። አገልገልተይ አይብለኩምን እየ አሕዋተይ እየ ዝብለኩም ኢሉና። ግን ደቂ ሰብ ነቲ ዝተገብረልና ዘንጊዕና አብ ካልእ ስለ እንህውትት እዚ ዕለት አብ አምላኽና ክንምለስ ዘዞኻኽረና እዩ።

አባኹም ክምለስ ንአብዓልቲ ደቂ መድኃኔ ዓለም ከመለኹም ብምንታይ ትፍለጡ? ማሕበርኩም ብምንታይ ይፍለጥ፡ ርክባትኩም ከመይ እዩ? መንፈሳዊ ጉዕዞኹም ከመሎ። ቅ. ጳውሎስ አብተን ዝመስረተን ማኅበራት አብ ዝጽሕፎ ዝነበረ ንገለ በቲ ሰናይ ግብሮምን ርክባቶምን ይንእዶም የመስግኖም ንገለ ግን ይገንሖም ነሩ። ሰባት ዘሎናዮ ሕይወት ካልእ ክነግረና አይንደልን ኢና። እሞ ንስኹም ብምንታይ ትልለዩ፥ ብፍቕርኹም ብሓድነትኩም. . . . መለልይኹም እንታይ እዩ፥ ባዕልኹም ኢኹም ክትምልስዎ ዘሎኩም እምበር ጓና ወይ ሓላፍ መገዲ ከማይ ዝምልሶ አይ ኮነን።

ደቂ ሰብ ንጠፍእ ንሽፍት ንኽሕድ ንጠልም ስለዚ አምላኽ ሎሚ እውን አበሎኻ/ኺ እናበለ ከም ቀዳሞት ወለድና መልሲ ክህቦ ይጽበ አሎ። ሎሚ ንነፍሲ ወከፍኩም አበሎኻ ይብለኩም አሎ። ሎሚ ዘሎኽምዋ መልሲ እትህቡላ ሕርይቲ ዕለት እያ። እስከ ንርአዩ አበይ ከምዘሎኹም እሞ መልሱሉ።

አብ አምላኽ ክንምለስ ዘሎናዮ ኩነት ክንፈልጥ አሎና። አበሎኹ ንበል ከመሎኹ ንበል ምስ ሓወይን ሓፍተይን፥ ምስ ሓዳረይ ምስ ደቂ ቊምስናይ ርክበይ ከመሎ? ዘራኢ ፍቕሪ ድየ፥ ብዙሓት ሕማም ዘልኦም አለዉ፥ ንሰብ ሰላም ዝኸልኡ ወገነይ ወዲ ዓደይ እናተባህለ ዘጓኒ መንፈስ ዝዘርኡ ውሑዳት አይ ኮኑን ስለዚ ሎሚ አብ ቅድሚ መድኃኔ ዓለም ክንሳሕ ክንቅየር ክንሕደስ መብጽዓና ንሓድስ። ሕማምና አለሊና አብ ዋና ሓኪምና ክርስቶስ ንቕረብ።

ዕርቂ ሰማይን ምድርን ክወርደና ነፍሲ ወከፍና አብ ልብና ንእቶ ሕይወትና ንመርምር፥ አምላኽ ዝገበረልና ጸጋ ንርአ፥ ርክባትና ንርአ ቀለዓለም ዝበዝሖ አይኹን ሕይወትና ብሓቂ መንፈስ ንስሓ ለቢስና ርስሓት ልብና ንሕጸብ። ክርስትያን ዘብለና ተግባር ዝተሓወሶ እምነት እምበር ብስም ክዳን ክርስትያን ለበስና ወይ እውን ሰንበት ሰንበት አብ ቤተ ክርስትያን ብስም መጻእና አይ ኮነን። ብሓቂ ልብናን ሕይወትና ናይ አምላኽ ክኸውን እንክሎ ጥራሕ እዩ።

አብ መወዳእታ አብታ አደ ንጉሥ ዝኾነት ማርያም ምልስ ንበል። ንንጉሥ በዲኡ ክትመጽአ ዝመስልዎ የለን፥ ምእንቲ አዲኡ ዘይገብሮ የለን እሞ፥ አብአ ቀሪብና ምስ ወድኺ ዕረቕና ሰላም ምሕረት ፍቕሪ አውርድልና ንበላ። ንጉሥ ሰላም ክርስቶስ አውደአመትኩም ባሪኹ ብምሉእ ባዕሉ አብ ልብኹም ዝነግስ ይግበረልኩም።

ብሩኽ ብዓል።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ